# COVID-19 መከላኸሊ ክትባታት

ከም ትፈልጥዎ ኮሮናቫይረስ፣ ካልእ ሽሙ COVID-19፣ ናብ መላእ ዓለም ዝተሰራጨወ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ኣብዚ ኣብ ሮድ ኣይላንድ፣ ልዕሊ 85,000 ሰባት ብ COVID-19 ሓሚሞም ኣለዉ፣ ዳርጋ 1,800 ዝኾኑ ሰባት ድማ ብ COVID-19 ሞይቶም ኣለዉ።

ሰባት ብ COVID-19 ንከይተሓዙ ዝከላኸሉ ክትባታት ክምዕብሉ ተገይሩ ኣሎ፣ እዞም ክትባታት ምስርጫው ድማ ተጀሚሩ ኣሎ።

ክትባት ናይ ሰባት ሰውነት ሕማም መከላኸሊ ዓቕሚ ከማዕብሉ ዝሕግዝ ምህርቲ እዩ፣ እዚ ማለት፣ እቲ ሰብ ሓደ ግዜ ነዚ ክትባት ምስ ተቐበለ፣ ነቲ ሕማም ዋላ እንተተቓለዐ ወይ እንተተቓለዐት ኣይተሓዙን ማለትእዩ።

ክትባት ኣዝዩ ጠቓሚ ዝኾነሉ ምኽንያት እዚ ክትባት ነቲ ዝወስዶ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ሕማም ዝከላኸል፣ እቲ ሕማም ናብ ካልኦት ንከይሰራጭ እውን እዩ ዝከላኸል፣ ከም ናይ ቤተ ሰብ ኣባላት፣ ጎረቤታት፣ መማህርቲ፣ ከምኡውን ናይ ማሕበረ ሰብኩም ካልኦት ኣባላት።

እዘ ሓድሽ ናይ COVID-19 ክትባት ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ምጅማሩ ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብዙሕ ናይ ደሕንነት ፈተነታት ተገይርሉ እዩ። ናይ COVID-19 ክትባታት ብሂወት ዘሎ ቫይረስ ዝሓዙ ኣይኮኑን ስለዚ ድማ ነቲ ዝኽተብ ሰብ እቲ ሕማም ናይ ምፍጣር ዕድል የብሎምን።

ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ዘለዉ ናይ COVID-19 ክትባታት ክልተ ናይ መርፍእ ምውጋእ እዮም። እቲ ናይ መጀመርያ መርፍእ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምህናጽ ይጅምር፣ እንተኾነ ግን ኩሉ ሰብ ነቲ ካልኣይ መርፍእ ክውጋእ ክመጽእ ኣለዎ እቲ ክትባት ዝህቦ ዓቕሚ ምክልኸል ሙሉእ ብሙሉእ ንምርካብ።

መብዛሕትኦም ሰባት እዞም ክተባታት ድሕሪ ምውሳድ ምንም ዓይነት ዓብዪ ጸገም ኣየስዕበሎምን። ሓደ ሓደ ሰባት ኣጋጢሞምና ዝብልዎም ሓደ ሓደ ጎድናዊ ጸገማት ከም ኢድካ ምቕንዛው፣ ምቕያሕ፣ ወይ እንትንካእ ሙቐት ምስማዕ ዝኣመሰሉ እዮም። እዞም ምልክታት እዚኦም መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ባዕሎም ይጠፍኡ። ሓደ ሓደ ሰባት እቲ ክትባት ምስ ወሰዱ ርእሲ ሕማም ወይ ረስኒ ከምዘጋጠሞም ይሕብሩ። እዞም ጎድናዊ ጽዕንቶታት ምፍጣሮም ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምኹም ትኽክለኛ ስርሑ ይሰርሕ ምህላዉ እዩ ዘረኢ።ነቲ ሕማም ንምክልኻል ይሰረሐን ይህነጽን ከምዘሎ እዩ ዘርኢ።

ብናይ U.S. ግብሪ ከፋሊ ዶላራት ዝተዓደጉ ናይ ክትባት ዶዛት ንኩሉ ሰብ ብነጻ እዮም ዝወሃቡ። እንተኾነ ግን፣ ክትባት ወሃብቲ ሰባት እዚ መርፍእ ንሰብ ንምሃብ ናይ ምዝገባ ክፍሊት የኽፍሉ እዮም። እዞም ክትባት ወሃብቲ እዚ ክፍሊት እዚ ብናይ ተሓካሚ ናይ ህዝባዊ ወይ ናይ ግሊ መድሕን ትካል ወይ፣ መድሕን ንዘይብሉ ተሓካሚ ድማ፣ ብናይ ጥዕና ሓገዝን ግልጋሎታትን ናይ ምምሕዳር ረድኤት ፈንድ ወሃብቲ ክሽፈነሎም ይኽእል እዩ።

ሕድሕድ ግዝኣት መጀመርያ መን ክትባት ይወሃቦ ብዝብልን ከመይ እዞም ክትባታት ከምዝሰራጨዉን ናይ ባዕሎም ትልሚ ኣለዎም። ናይ ጥዕና ክንክን ሰራሕተኛታትን ዕድመኦም ዝደፍኡ ሰባትን እቲ ክትባት መጀመርያ ክወስዱ ይግበር። ድሕሪ እዚ ናይ መጀመርያ ምስርጫው ግዝኣት ሮድ ኣይላንድ ኣብ ዝመጹ መዓልቲታት ተወሰኽቲ መምርሒታት ክውጽእ እዩ። ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ **www.C19vaccineRI.org**.